# 17 - 25 መስከረም በቈጻጽራ ግዕዝ
# ዘመነ መስቀል ይበሃል

፲፯ መስከረም ፪፻፲፰ ዓ.ም.
(27 መስከረም 2005)
በዓለ - መስቀል

ሃሌ ሉያ ለአብ፡ ንሴብሕ
በኦሪት ሙሴ ዘተነግረ ሥኑ፡
ሃሌ ሉያ ለወልድ ወለመንፈስ

ቅዱስ፡ ዕፀ ኣንህዮ ለባሕር ዛጎኑ፡
መስቀል ኣልፋ ተረክበ በቅዱስ መካኑ፡ ኣጽደለ
ውስተ ዓለም ብርሃኑ።



ዮምሰ በዐለ መቀሉ
በሰማያትበላዕሉ፡ ዘነግሠ
በምድር ከመ ያብርህ
ለኣሕዛብ ለኵሉ፡ በፍሥሓ

ወበሰላም ወትሩ ይሴባሕ በቅዱሳን።
ሎሚስ በዓል መስቀሉ ኣብ ሰማያት ኣብ ላዕልን ንኣሕዛብን ንኵሉ ኬብርሃሉ ንዝነገሠን ኣብ ምድሪ ብሓጐስን ብሰላምን ወትሩ ይኽበር ኣብ ቅዱሳኑ!

መስቀል ኃይልነ፡ መስ
ቀል ጽንዕነ፡ መስቀል
መድኀኒተ ነፍስነ፡ ኣይሁድ
ክህዱ፡ ንሕነሰ ኣመነ፡
በመስቀሉ ድኅነ።

መስቀል ኃይልና፡ መስቀል ጽንዓትና
መስቀል መድኃኒት ነፍስና
ኣይሁድ ንሕና እንኣምን ግን ብመስቀሉ ደኃና።

ይ.መ - ንሕና እዞም ኣብዚ ተኣኪብና ዘሎና ሞት ናይቲ ዘኢመውት ነዝንቱ፡
ሕማም ናይቲ ዘይሓምም ነዝንቱ፡
በታ ምስ ደቂ መዛሙርቱ ኣብ መኣዲ ዝተቐመጠላ ለይቲ
ብፍቓድ ኣቦኡ ብድሌቱን ነፍሱ ንሞት ኣወፈየ።

ነቲ ኵሉ ዚሕዝ ሓዝዎ፡
ነቲ ጐይታ ኵሉን ሕያው ዝኾነ ወዲ ኣምላኽ ኣሠርዎን ቀፈድዎን።

ከምቲ ኣብ ቅድሚ'ቶም መቐዝቱ ሓንቲ ቃል ዘየውጽእ የዋህ በጊዕ፡
ከምኡ ብቕጣዓ ጐቲቶም ኪወስድዎ ከለዉ፡ ብየዋህነቶም ሰዓቦም።

ነቲ ሊቃነ መላእክትን ብፍርሓትን ብረዓድን ዚቖሙሉ፡
ኣብ መጋባእያ ኣቖምዎ።

ነቲ ንሓጢኣት ዚሓድግ፡
ከም ሓጥእ ቘጸርዎ።

ነቲ ንፈራዶ ዚደርድ፡
ፈረድዎ።

ነቲ ንሱራፌል ዘውዲ ዚደፍእ፡
ኣኽሊል እሾኽ ደፍኡሉ።

ነቲ ንኪሩቤል ግርማ ዜልብስ፡
ንላግጺ ቀይሕ ግምጃ ኣልበስዎ።

ነቲ ኪሩቤል ብኣክናፍ እሳት ተሸፊኖም ካብ ቅድሚ ገጹ ዚኸወሉ፡
ንኣኡ እቲ ክፉእ ግላዋ ኢዱ ኣትሪርሩ ገጹ ጸፍዖ።

ነቲ ሠራዊት መላእኽቲ ብዓቢይ ፍርሓት ዚሰግዱሉ፡
ንሳቶም ኪላገጹሉ ኢሎም ኣብ ቅድሜኡ ተምበርከኹ።

ኣየ! ክንዲዚ ዝኣክል ትሕትና!
ኣየ! ክንድዚ ዚኣክል ዓቕሊ!
ኣየ ፍቕሪ! ክሳብ ክንድዚ ዚኣክል ንሰብ ምፍቃር!

ኣየ! ክንድዚ ዚኣክል ትዕግስቲ!
ኣየ! ክንድዚ ዚኣክል ሕያውነት!
ንወዲ ኣምላኽ ካብ መንበሩ ዘውረዶን

ክሳብ ሞት ዘብጽሖን ፍቕሪ ኢዩ!

ነቲ ኣበሳ ዘይነበሮ ከም በደለኛ ኣብ መስቀል ሰቐልዎ፡
ነቲ ሕይወት ዝፈጠረ ምስ በደለኛታት ቈጸርዎ።
ኣየ! እተን ንኣዳም ዝፈጠራ ኣእዳው፡
ብመስማር ኣብ መስቀል ተሸንከራ።

ኣየ! እተን ኣብ ገነት ዝተመላለሳ ኣእጋር፡
ብመስማር ኣብ መስቀል ተሸንከራ! ኣየ!

እቲ ንኣዳም ኣብ ገጹ መንፈስ ሕይወት ኡፍ ዝበለሉ
ኣፍ፡ ምስ ሓሞት ዝተሓወሰ መጺጽ ሰተየ።

ብዛዕባ ሕማማት ወልድ ኪዛረብ ዚኽእልከ ኣየናይ ኣፍ፡
ኣየኖት ከናፍር፡ ኣየናይ ልሳን ኢዩ?

ሕማማት ናይ ፍቁር ወልድ ኪንገር ከሎ ልቢ ይትርተር፡
ሕልና ይዐርብ፡ ነፍሲ ትርዕድ፡ ሥጋ ይደክም።

እቲ ዘይመውት ሞተ!
ንሞት ኪስዕር ኢሉ ሞተ!
ንሙታን ኬሕዊ ኢሉ ሞተ!

ይ.ዲ. - ኣቱም ንክርስቶስ እተፍቅርዎ፡ ብኸዩሉን ኣልቅሱሉን።

ይ. መ. - እዋይ! እዋይ! እዋይ! ኦኣማኑኤል ኣምላኽና!

ይ. ሕ. - እዋይ! እዋይ! እዋይ! ኦኣማኑኤል ኣምላኽና!

ይ.መ. - እዋይ! እዋይ! እዋይ! ኦኢየሱስ መድኃኒና!

ይ.ሕ. - እዋይ! እዋይ! እዋይ! ኦኢየሱስ መድኃኒና!

ይ.መ. - እዋይ! እዋይ! እዋይ! ኦክርስቶስ መራሒና!

ይ. ሕ. - እዋይ! እዋይ! እዋይ! ኦክርስቶስ መራሒና!

ይ.መ. - እዋይ! እዋይ! እዋይ! ቅዱሳት ሰባት ካብ መስቀል ኣውረድዎ።
ንመግነዚኡ ዚኸውን፡
ምዑዝ ሽታ ዝተሓወሶ ከርበን ንጹሕ ዓለባን ኣምጽኡሉ።

ይ. ሕ. - ቅዱስ እግዚኣብሔር!
ቅዱስ ኃያል!
ቅዱስ ሕያው ዘይመውት!
ካብ ቅድስተ ድንግል ማርያም ዝተወልደ፡
ኦጐይታና ይቕረ በለልና!

ቅዱስ እግዚኣብሔር!
ቅዱስ ኃያል!
ቅዱስ ሕያው ዘይመውት!
ኣብ ዮርዳኖስ ዝተጠምቀ፡
ኣብ መስቀል ዝተሰቕለ፡
ኦጐይታና ይቕረ በለልና!

ይ.መ. - ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ንነፍሱ ምስ ሥጋኡ ኣዋሓዳ።
ብዘይ ምብልሻው ብምልኣት ካብ ሞት ተንሥኤ።
ካብ ባርነት ኃጢኣት ሓራ ኣውፀኣና።
በታ ሥጋ እቲኣ፡ ብኃይሊ መለኮቱ፡
ናብ ጥንቲ ሀላዌኡ ናብ ሰማያት ዓረገ።

ይ.ሕ. - ቅዱስ እግዚኣብሔር!
ቅዱስ ኃያል!
ቅዱስ ሕያው ዘይመውት!
ስብሓት ንኣብ

ስብሓት ንወልድ
ስብሓት ንመንፈስ ቅዱስ፡
ሕጅን ወትርን
ንዘልዓለም ዓለምን ይኹን፡ ኣሜን።

(ካብ <u>መጽሓፈ ቅዳሴ ግዕዝን ትግርኛን</u>፡ *ኣሥመራ*፡ 2001
ካብ *"ኣኰቴተ ቍባን ቅ. ዮሓንስ ኣፈወርቅ"* ገጽ 159.161.163)

## መዝሙር ትግሪኛ

'የሱስ'ዩ ጸግዒ ዋልታና! (2 ጊዜ)
መስቀሉ'ዩ ዕላማና! እወ! እወ!
ንጸላኢ እንረትዓሉ!

እዚ ናይ ምድኃን ወንጌል ንዓለም ዕሽነት'ዩ (2x)
ንእንኣምኖ ግና ናይ'ግዚኣብሔር ኃይሊ'ዩ (2x)
ኃይሊ'ዩ! <u>ኃይልና'ዩ!</u> (3x) (ክብሪ/ ሓጐስ/ ድኅነት)(2x)